እንታይ ማለት እዩ ...?

### ... ንትምህርቲ ቤታት፣ ትምህርቲ፣ ከምኡ ውን ስራሕ

- ቆልዑ፣ ኣወዳትን ኣዋልድን፣ ናብ ትምህርቲ ቤት ናይ ምምፅእ መሰልን ግቡእን ኣለዎም ናይ ትምህርቲ ቤት ኣቴንዳንስ ንኩሎም ቆልዑት ክሳብ 9ይ ክፍሊ ዝኾኑ ኣገዳሲ እዩ።

- ኩሎም ኣብ ጀርመን ዘለዉ ሰቡኣትን ኣንስትን ናይ ነፃ ትምህርቲን ዝደለይዎ ሞያ ምምራፅን መሰል ኣለዎም። እዚ መሰል እዚ ብናይ ቤተ ሰብ ኣባላት፣ ናይ ናራ ኣጋራት፣ ወይ በዓል ቤት ክጠሓሱ የብሎምን።

... ምኽንያቱ ትምህርቲን ስራሕን ርእሰ ምኽኣልን ናይ ጀርመን ማሕበረ ሰብ ኣባል ምዃንን ኣገደስቲ ረቋሒታት እዮም። ናይ ስደተኛታት ከባቢ ማዕረ ኣካል ንምኻን ናይ እቲ ሕጊ ተቐባልነትን ናይ ውልቀ ሰብ መሰላትን ኣገደስቲ እዮም። ሰበይቲ ኣብ ትሕቲ ሰብኣይ ኮይና ናብ ትሰርሐሉ ስራሕ ክትግደድ የብላን።

እዚ ማለት:
ኩለን ኣንስቲ ብናይ ባዕለን ኣነባብራ ዘለወን መረዳእታ ገይረን ናይ ምንባር መሰለን ነፃነትን ኣለወን። ኣብ ኣንስቲ ተጽዕኖ ምግባር ተቐባሊነት የብሉን። እቲ ሕገ መንግስቲ ናይ ኩሎም ሰባት ክብሪ ይሕሉን ንሰብኣይን ሰበይትን እውን ማዕረ መሰል ክህልዎም ይገብር።

**ብሓባር ንስራሕ**
**ናይ እቲ ማሕበረ ሰብ**
**መሰረታዊ ድሌታት ንምምላእ።**

### ሕቶታት ምሕታት፣ ፀገማት ምፍታሕ፣
### ሓገዛት ድማ ኣብ Niedersachsen ምርካብ

ብዛዕባ ብሓባር ምንባር ኣብ Niedersachsen ንዘለውኹም ሕቶታት ብሙሉእም፣ ናይ ምኽሪ ኣገልግሎት ኣሎ "G mit Niedersachsen" ብናፃ ነፃ ስልኪ ቁፅሪ **0800 – 14 24 34 5** ከምኡውን ብኢ. መይልም ርካብ ይከኣል ኣብ **g-mit-niedersachsen@vnb.de** ሓበሬታን ግልጋሎታትን ኣብ ድረ ገፅና ብምጕብናይኩም ክትረኽቡ ኢኹም:
**www.g-mit-niedersachsen.de**

ብማዕረ መሰላት፣ ድሕነት፣ ከምኡ ውን ጎንፂ ዘይብሉ ሂወት ምንባር ኣብ ጀርመን ን Niedersachsen ዝከኣል ኩሎም ሰባት መሰላቶምን ግቡኣቶምን ተፈሊጦም ን ነቲ ሕገ መንግስቲ ተገዚኦም እንተነይሮምን ጥራሕ እዩ። መሰላቶም ዝገሃሱዎም ዘለዉ ዝመሰሎም ሰባት ኩሎም ሓገዝ ክደልዩ ኣለዎም። ኣብ Niedersachsen፣ ብዙሓትናይ ሓገዝ ኣቕርቦታት ኣለዉ ንሕቶታት፣ ፀገማት፣ ከምኡ እውን ሃንደበታዊ ነገራት:

- ብጎንፂ ተተንኪእኹም፣ ወይ ትጉድኡ ተመሲልኩም ወይ እንተሪእኹም: ና ፖሊስ በዚ ስልኪ እዚ ደውሉ **110**.

- ኣንስቲ እውን ኣብ ናይ ብጎንፂ ዝተጎድኣ ኣንስቲ ማእከል ምኽሪ ክረኽባ ይኽእላ እየን፣ "Suana" ኣብ "kargah"፣ ቴሌፎን **0511 – 12 60 78 14** ወይ ናይ ብሄራዊ ሓገዝ መስመር "Gewalt gegen Frauen" [ኣብ ኣንስቲ ዝበፅሑ ጎንፂታት] በዚ ስልኪ እዚ **08000 – 116 016**, ብናፃ። ሓገዝ ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ይቐርብ።

- Niedersachsen ንናብ ሓዳር ተገዲደን ዝኣተዋ ኣዋልድን ኣንስትን ሓገዝ ዘቕርብ መስመር ኣለዎ።
ምኽሪን ሓገዝን ብናይ ነፃ ስልኪ ይቐርብ
በዚ ቁፅሪ እዚ **08000 – 0667 888.**


Verein Niedersächsischer Bildungsinitiativen e.V. (VNB)
Projekt **G** mit **Niedersachsen**
Am Marstall 15, 30159 Hannover, Tel. 0511 4500188 1
ናይ ምኽሪ መስመር **0800 – 1424345**
ኢ.መይል: **g-mit-niedersachsen@vnb.de**
**www.g-mit-niedersachsen.de**
**www.facebook.com/g-mit-niedersachsen**



መዋሊ ስራሕ:
Verein Niedersächsischer BILDUNGSINITIATIVEN e.V.
Landeseinrichtung der Erwachsenenbildung

ተሓጊዙ ብ:
Niedersächsisches Ministerium für Soziales, Gesundheit und Gleichstellung


Gmit Niedersachsen
**Bildungs- und Beratungsstelle**
Geschlechtergleichstellung
in Zeiten des gesellschaftlichen
Wandels

# ምዕባይ ብሓባር ኣብ Niedersachsen

## ብሓባር ምንባርና ምቁፅፃር
## ብሓባር ናይ ምንባር ሕጊታት

ሰላማዊ ብሓባር ምንባር ኣብ Niedersachsen ንኹላትና ጠቓሚ እዩ። ንኻብ ካሊእ ባህሊ ዝመፁ ሰባት ኣብ እቲ ማሕበረ ሰብ ቦታ ክረኽቡ ዕድል ንምሃብ፣ እዚ በራሪ ወረቐት እዚ ብዛዕባ ናይ ብሓባር ምንባር ዘድልዩ መምርሒታት ሓበሬታ ንምሃብ ክንጥቀመሉ ንደሊ።

**0800 – 14 24 34 5** ንምድዋል ነፃ


Niedersächsisches Ministerium
für Soziales, Gesundheit
und Gleichstellung

# እቲ ሕገ መንግስቲ

መሰረታዊ ሕጊታት
ንብሓባር ምንባር

ኣብ ጀርመን እቲ ሕገ መንግስቲ እቲ ዋና ጠቓሚ ሕጋዊ መሰረት እዩ ብሓባር ንምንባር እዩ ። ናይ እቲ ማሕበረ ሰብ መሰረት ይሃንፅ። እዞም መሰላትን ግቡኣትን እዚኦም ንኩሎም ኣብ ጀርመን ዝነብሩ ሰባት ይምልከቱ፣ ኣብዚ ይወለዱ ስደተኛታት ይኹኑ ብዘየገድስ።

**ዓንቀፅ 1. (1)**
“ናይ ሰብ ክበሪ ክትንከፍ/ክገሃስ የብሉን”

ኩሉ ሰብ ክብሪ ዘለዎ ሂወት ናይ ምንባር መሰል ኣለዎ ምስ ናይ ካልኦት ሰባት መሰላተን ናይ ጀርመን ሕጊን ከሳብ ዘይተፃበአ ድማ ብደስ ዝበሎም ኣነባብራ ክነብሩ ይኽእሉ እዮም።

**ዓንቀፅ 3. (1,2)**
“ኩሎም ሰባት ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕረ እዮም።” “ሰብኡትን ኣንስትን ማዕረ መሰል ክህልዎም ኣለዎ።”

ናይ ብሓባር ምንባርና እቲ ጠቓሚ ኣካል ኣንስትን ሰብኡትን ማዕረ መሰላት ምህላዎም እዩ።

- ማንም ሰብ ብዖተኡ ምኽንያት ክግለል ወይ ክጉዳእ የብሉን።
- ኩሎም ሰብኡትን ኣንስትን ከም ደስ ዝበሎም ናይ ምንባርን ናይ ባዕሎም ውሳነታት ናይ ምውሳንን መሰልን ነፃነትን ኣለዎም።
- ማንም ብኣካላዊ ወይ ስምዒታዊ ጉድኣት፣ ኸንያት ካብ ናይ ምምራፅ ነፃነቶም ክእገዱ የብሎምን

እቲ ሕገ መንግስቲን ትሕዝቶታቱን ንኩልና ኣብ ኩሉ ናይ ሂወትና ኩነታታት ምልከቱና።

እንታይ ማለት እዩ ...?

... **ንዝምድናታትን ቤተ ሰብን**

- ኩሉ ሰብ ናይ ባዕሉም ውሳነታት ክውስኑ ኣለዎም ከም ቤተ ሰብ ብሓባር ምንባር ዶ ወይስ ኣብ ዝምድና ወይ በይኖም ። ኣብ ጀርመን፣ ዝተፈላለዩ ዝፍቀዱን ዝካየዱን ናይ ሂወት ኣነባብራታት ኣለዉ፣ ንኣብነት ናይ ተመሳሳሊ ፆታ ርክብ።
- ናይ ሰብ ስምዒት፣ ድሌትን ምርጫን እቶም ወሰንቲ ነገራት እዮም መናብርቲ ኣብ ምምራፅ
- ማንም ናብ መርዓ ወይ ዝምድና ክግደድ ኣይፍቀድን። ኣገዲድካ መርዓ ኣብ ጀርመን ክልኩል እዩ። ማንም ትሕቲ 18 ዓመት ክምርዓው ኣይኽእልን።
- ዝኾነ ዓይነት ጎንፂ - ኣብ ውሽጢ ሓዳርን ኣብ ቆልዑን ድማ - ብሕጊ የቕፅ እዩ። ጎንፂ ብብዙሕ መልክዑ ይመፅእ: ማንም ንካልእ ሰብ ዝዋቓዕ፣ ዘፈራርሕ፣ ዝኣስር ወይ ዝጎድእ፣ ወይ ናብ ፆታዊ ተግባራት ዘገድድ ሰብ ሕጊ ይጥሕስ ኣሎ ማለተ እዩ ከቕፃዕ ድማ እዩ።

እንታይ ማለት እዩ ...?

... **ሃይማኖትን ሂወትን**

- ኣብ ጀርመን፣ ቤተ ክርስትያንን መንግስቲን ዝተፈላለዩ እዮም። ማንም ሰብ ዝኾነ ሃይማኖት ክኽተል ኣይግደድን። ኩሎም ሰባት እንታይ ከኣምኑ ከም ዝደልዩ ክመርፁ ይኽእሉ።
- ኣብ ኩሉ መኣዝናት ሂወት ፣ ኣብ ፆታ፣ ናይ ቆርበት ሕብሪ፣ ሃይማኖት፣ ወይ ፆታዊ ኣካል መሰረት ዝገበረ ኣድልዎ ክልኩልን ብሕጊ ዘቕፅዕን እዩ።
- ትርፊ ግዚኦም ከመይን ምስ መንን ከሕልፍዎ ከምዝደልዩ ኩሎም ሰባት ባዕሎም እዮም ዝውስኑ።
- ኣብ ጀርመን፣ ኑብሰኻ ዘርኢ ዝተገለፀ ከዳን ምግባር ፍቑድን ተቐባሊነት ዘለዎን እዩ፣ ዋላ ነንስቲ። ከምኡ ምግባረን ግን ንሰብኡት ናብ ፆታዊ ተግባር ይዕድማ ኣለዋ ማለት ዘይምኧኑ ፍሉጥ እዩ!
- ፆታዊ ጥቕዓታት ናብ ፖሊስ ብምጥራፅ ብሕጊ ዘቕፅዕ ተግባር እዩ።

ሰበይቲ “ኣይፋል” እንተይላ፣ ኣይፋል ማለት እዩ።